BIPT
BURNABY
INTERCULTURAL
PLANNING TABLE

# ምትምያን፡ ምጥፍፋእ፡ ዉሕስነት እንተርነትን፡ምድንዳን(ቡሊይ) ኣብእንተርነትን።

## ምኽሪ ንመንእሰያት፡ ወለዲ፡ ከምኡ ዉን ኣረጋዉያን።

Funded by:

Immigration, Refugees
and Citizenship Canada

Finance par :

Immigration, Refugies
et Citoyennete Canada

## *ምትምያን፡ ምጥፍፋእ፡ ዉሕስነት እንተርነትን፡ምድንዳን(ቡሊይ) ኣብእንተርነትን።*

### *ምኽሪ ንመንእሰያት፡ ወለዲ፡ ከምኡ ዉን ኣረጋዉያን።*

# ሰለዳ ትሕዝቶ


ምስጋ ........ 2

ጠቓሚ ምኽርታት ንወለዲ ብዛዕባ ዉሕስነት ኢንተርነት ........ 3

ብዛዕባ ውሕስነት ኢንተርነት ምስ ደቅኻ ምዝርራብ ........ 6

ምኽሪ ንእኹላት ሰባት ብዛዕባ ምጥፍፋእ(Scam)፡ ምትላል(Fraud) ከምኡዉን ዉሕስነት ኢንተርነት(Cyber Safety)7

ሓሙሽተ መከላኸሊ መንገድታት ዉልቃዊ ሓበሬታትካ ኣብ ምዕቡል ተክነሎጂካዊ መሳርሒታት (Smart device) ምዕቃብ (SMARTPHONES/TABLETS/SMARTWATCHES): ........ 9

ጠቀምቲ ምኽርታት ንዕድጊ ብኦንላይን ........ 14

ውሕስነት ንሽማግለታት(Seniors)፡ ናይ ዘታልሉ ግዳይ ንከይትኾዉን ዝሕግዙ ዓሰርተ ነጥብታት፤ ........ 1

ግዳይ ምትላል/ትምየና እንተኾይነ እንታይ ክትገብር ኣለኒ፣ ብከመይ'ከ ይሕብር? .... **Error! Bookmark not defined.**

ዓሰርተ ሸሞንተ ምኽርታት ናይ ኢንተርነት ውሕስነት ንሽማግለታት(Seniors) ........ 19

# ምምምም

**ኣንዲሽህ ፋርድ- ሳይሞን ፍረዘር ዩነቨርሲትይ(SFU)**
ሲንድይ ጃንግ- ምዝንጋዕን ባህላዊ ኣገግልሎታትን ምምሕዳር ከተማ ባርናብይ
ዳርይ ሊ- ሞዛይክ
ዲቦራ ቤከር- ስካሚሽ ማሕበረሰብ(Nation)
ዱንካን ኦለኒሽ- ህዝባዊ ቤት ነባብ ባርናብይ
ኤቨሊይን ማክጎዋን- ናይ ዕላማ ማሕበረሰብ(Purpose Society)/ ባርናብይ መንእሰያት መኣከቢ
ገብርኤላ ማዮ- ምኒስተሪ ህጻናትን ምምዕባል ስድራቤትን
ሄዘር ማከይን- ዜጋታት ንምጁእ ኣከባቢ
ኪምበርሊ ባርዊክ-ባርናቢይ ኣገባቢ መኣከቢ
መሎዲይ ሞርኖ- ፍረዘር ጥዕና(health)
ናታልያ ክሃን- ምምሕዳር ትምህርቲ ባርናብይ#41
ረበካ መሃፊ- ምምሕዳር ከተማ ባርናብይ
ስንገታ ሆንሳለ- ባርናብይ ናይ ስድራቤት ናብራ(life)
ሻ ዊንዋንታን- ስክሰስ(Success)
ታራና ሱልጣን- ፕረስ(PIRS)
ቲያ ፊዲክ- ኢይስስ ቢሲ(ISS of BC)

## ተርጎምቲ፥

ብዓረብ:

- ኣቢር ሃታቢ

ብጃይና:

- ደሪክ ጀን
- ቶም ሱ

ብፋርሲ:

- ሶሳን ካዩሚ
- ነቢላ ኣክባሪ
- ዛሪፍ ኣክባርያን

ብኮርያ:

- ዳረ ሊ

ብእስጳኛ:

- መሪይ ብላንክ ባተንበርግ
- ፒላር ሳይን

ብትግርኛ:

- ትዕግስቲ ደባስ ተስፋማርያም
- ዳንኤል ደበሳይ ምካኤል
- ተድሮስ ገብረንጉስ
- እንባቆም ብርሃነ
- ኣስማይት ተኸለ

## ምምም ምምምምም ምምምም ምምምም  ምምምምም ምምምምምም

**ዛዕባ ዉሕስነት ኣብ ኢንተርነት** - ኣብ ኢንተርነት ከጋጥሙ ዝኽእሉ ሓደጋታት ካብ ዉልቃዊ ሻቅሎት ክሳብ ምስራቕ መንነት እዮም።
ቖልዑትን ኣብ ዉዑይ ዕድመ ዘለዉን ዕድሚኦም 5 ይኹን ወይዉን 15 ኢንተርነት ክጥቀሙ ከለዉ ምክትታል የድልዮም እዩ። ንእኹላት ሰባትዉን ምስትዉዓል ኣድላዪ እዩ፡
ፍሉይ ኣድህቦ ንዉሕስነት ዝምልከት ከም ኣድራሻካ ምሕባር፣ ስእሊን ካልእ ውልቃዊ ሓበሬታ ምዝርጋሕን ዝኣመሰሉ ንፈተዉትኻ ንምክልኻል ሓገዝቲ እዮም፡

- ዕዮገዛን ኣብ ኢንተርነት ዘሕልፍዎ ግዜን ከመይ ጌርካ ከም እትሰርዖ፡ https://childdevelopmentinfo.com/family-building/structure-homework-time-online/#.XQgWjTZ8CM8
- 10 ምኽርታት ንወለዲ ብዛዕባ ውሕስነት ኢንተርነትን ኣጠቓቕማ ቴክኖሎጅን፡ https://www.kathleenamorris.com/2019/05/16/internet-safety-parents/
- ምኽሪ ንውሕስነትኢንተርነት ፡ ዓሰርተ ቀንዲ ምኽርታት ንወለዲ ፡ https://www.webwise.ie/parents/advice-top-10-tips-for-parents/

**ዘይምክትታል ወይ ኣብ ንኡስ ዕድመ ኢንተርነት ምጥቃም፡** ሼርድ ሆፕ ኢንቴርናሽናል( shared Hope Internatioanl) ኣብ ዘካየድዎ መጽናዕቲ፤
1 ካብ 8 ወለዲ: ንደቆም ካብ ደቂ 2 ዓመት ኣትሒዞም ኢንተርነት ክጥቀሙ የፍቅድሎም፣1 ካብ 10 ጥራይ ድማ ደቆም ልዕሊ 10 ዓመት ክኾኑ እንከለዉ ኢንተርነት ክጥቀሙ የፍቅድሎም (ክኢላታት ከም ዝመኽርዎ)። በዚ ምኽንያት ድማ ብዙሓት ቆልዑ ኣብ ንኡስ ዕድሚኦም ብዘይ ዝኾነ ናይ ወለዶም ሓለዋ ወይ
ምክትታል ኢንተርነት ይጥቀሙ። ንደቅኹም ከመይ ጌርኩም ክትቆጻጸሩ ከም እትኽእሉ ነዘን ዝስዕባ ተመልከቱ፡

- https://protectkidsonline.ca/app/en/interests_and_risks-5_to_7
- https://protectkidsonline.ca/app/en/interests_and_risks-8_to_10
- https://protectkidsonline.ca/app/en/interests_and_risks-11_to_12
- https://protectkidsonline.ca/app/en/interests_and_risks-13_to_15

**ምክትታል ንጥፈታት ደቅኹም ብኦንላይን፡** ናይ ወለዲ ተሳትፎ
ብዘየገድስ፤ ብዙሓት ኣብ ውዑይ ዕድመ ዝርከቡ ቆልዑ ናይቲ ንጥፈታቶም መዝገብ ይሓብኡ ወይ ይድምስሱ እዮም። ስለዚ ድማ ወለዲ ትጉሃት ክኾኑ ኣገዳሲ ኢዩ። ኣብ ዉዑይ ዕድመ ዘለዉ
ወለዶም ዘይፈልጥዎ ኢመይል ወይ መራኸቢ ብዙሃን ኣለዎም። ሓደ ሓደ ቆልዑ
ዉን ዕድሚኦም ሓስዮም ብምምላእ ክኸፍትዎ ይኽእሉ እዮም።

1. https://protectkidsonline.ca/app/en/info_monitoring_online_activities
2. ደቅኹም ብመዛንኦም ጸቕጢ ወይ ውን መጉዳእቲ ምስ ዝጎንፎም ን"ፒራሚድ ኦፍ ሳፖርት" ኣብዚ ተጠቒሱ ዘሎ ተወከሱ ፡ https://witsprogram.ca/pdfs/families/pyramid-of-support.pdf

**ሞባይልተሌፎን፡** ተሌፎን ምሓዝ ርክብካ ንምቕጻል ብፍላይ ድማ ኣብ ህጹጽ ግዜ ኣገዳሲ እዩ። ከባቢ [69 ሚእታዊት ካብ 11 ክሳብ 14 ዝዓመቶም ቆልዑ](#) ናቶም ሞባይል ተሌፎን ኣለዎም።
ክንጥቀም ከለና ድማ ኣብ ሞባይልና ዘሎ ጂ.ፒ.ኤስ ዘለናዮ
ኣድራሻና ብልክዕ ከቕርብ ከምዝኽእል ክንዝንግዕ የብልናን። ብተወሳኺ'ውን ቁጽሪ ተሌፎንና ኦንላይን ካብ ምዝርጋሕ ክንጥንቀቕ ኣለና።

- መዓስ ንደቅኹም ተሌፎን ትህቡ፡ https://childdevelopmentinfo.com/child-activities/when-to-give-your-child-a-phone/#gs.3mgysl
- ምኽሪ ጥንቃቐ ሞባይል ፡ https://protectkidsonline.ca/app/en/info_phone_safety
- ናይ መጀመርታ ሞባይል፡ ሕግታት ንሓላፍነት፡ https://www.ahaparenting.com/Ages-stages/tweens/Cell-Phone-Rules-Safe-Responsible-Kids
- ወለዲ ንተሌፎናት ደቆም ኣብ ውሽጢ ካናዳን ወጻእን ኪካታተልሉ ዝክእልስሉ ኣፕ፡ https://pumpic.com/parental-monitoring-app-canada.html

**ምድንዳን ብመራኸቢ ብዙሃን፡** ገለ ብዙሓት መንነቶም ዘይፍለጡ መዘረቢ ምልክታትን ዌብሳይትን፣ ሕቶ ወይ ከኣ ሓበሬታታት ብዛዕባ ካልኦት ሰባት ዝዝርግሓሉ(ብሕቡእ)ኣለው። እዞም መንነቶም ዘይፍለጡ ምልክታ ገለ ካቢኦም ዊስፐር፣ ይክ ያክ፣ ኣስክ፣ ኤፍኤም ሓደገኛታት እዮም፣ ምኽንያቱ ኣብ ልዕሊ ካልኦት ሰባት ምድንዳን ገለ ካብቶም ዘተባብዑ ተባሂሎም ስለ ዝፍለጡ።መንነቶም ብምሕባእ፣ ደንደንቲ ሰባት ብ ቀሊሉ ን ካልኦት ይጸረፉ፣ ይላገጹ፤ የነኣእሱን። ስለዚ ኩሉ ግዜ ትጉህ ኮይንካ ዝኾነ ጸርፊ፣ ዝጠርጠርካዮን ዘ ረጋገጽካዮን ምሕባር ጠቓሚ እዩ።

- **PREVNet:** ዝምድና ምምዕባልን ብባእሲ ዝመጹ ማህሰይቲ ምውጋድን ቀንዲ ጻዕሪ ናይ ካናዳ በዓል መዚ ኣብ መጽናዕቲ፣ ካልእ ሓገዝቲ ነገራት ካብ ምድንዳን ዝክልክሉን እዩ።
- ደቅና ኣብ ኢንተርነት ዘፈራርሑም ወይ ዝጸርፎም ሰብ እንተአሎ እንታይ ክንገብር ይግብኣና? https://needhelpnow.ca/app/en/resources_cyberbullying
- **WITSProgram:** ስድራቤት: ትምህርቲ: ማሕበረሰብ ብሓባር ኣብ ኢንተርነት ብዙሕ ጸገም ዝረኽቦም ህጻናት ከምዝሕገዙ ይገብር ::
- **[RCMP's Centre for Youth Crime Prevention:](#)** ንኣብ ካናዳ ዘለው ነበርቲ ምስዕድሚኦም ዝኸይድ ካብዝተፈላለዩ ብመንእስያት ዝግበሩ ገበናትን ካልኦት ንክድሕንሉ ዝኽእሉ ሓበሬታ ይህብ ::
- **Kids Help Line** ዝብል ንወለድን ህጻናትን ናይ ምኽሪ ድጋፍ ዝህብ አካል ኢዩ:: ሓገዝ ምስ እንደሊ ናብ 686868 "**CONNECT**" ኢልና ኪኒጽሕፍ ንኽእል:: እዚ ሓገዝ 24 ሰዓት ክፉት ኢዩ:: https://kidshelpphone.ca/search/?keys=Cyberbullying

**አጸየፍቲ ስእልታት** - መጽናዕቲ ከምዝሕብሮ ሓደ ካብ ሸውዓተ ኣብ ዉዑይ ዕድመ ዘለዉ መንእሰያት አጸየፍቲ ዝኾኑ ስእልታት ይስእሉ : ካብዞም ኣሳእል ልዕሊ ፍርቂ ድማ አብ ኢንተርነት ተዘርጊሖም ይርከቡ :: አብዚ ከነስተውዕሎ ዘለና ሓንቲ ስእሊ አብ ኢንተርነት ምስትዝርጋሕ ፈጺምካ ክትሓኮ አዝዩ አሸጋሪ እዩ።

- [Cybertip.ca](#) : በዚ መንገዲ ንህጻናት ብኦንላይን ናብ ክፉእ ስራሕ ዘውፍሩ ሰባት ናብ ሕጊ ክንከስስ ንኽእል::
- https://protectkidsonline.ca/app/en/info_self_peer_exploitation

- https://protectkidsonline.ca/app/en/info_online_extortion
- https://protectkidsonline.ca/app/en/info_online_luring

**ዕዳጋ ኦንላይን፡ ናይ መንነት ስርቂ፣ ኢንተርነት ምጥቃም** = ኢንተርነት ኣብ እንጥቀመሉ ግዜ ኣዚና ክንጥንቀቕ ይግብኣና። ዕኖ ኩሉ ኣብ ኢንተርነት እንዉልዖ ነገራት ይምዝገቡ ኢዮም ብዙሓት ካምፓኒታት ዉን ይከታተልኦ እየን። ስለዚ ዉሑስ ዘይኮነ ወይ ቫይረስ ዘለዎ ቦታ እንተ ደኣ ወሊዕና ብዙሕ ናይ መንነትናን ናይ ገንዘብናን ሓበሬታ ክስረቕ ይኽእል እዩ፣ ከምኡ ዉን ኣብ ኮምፒተርና ዓቢ ጉድኣት ከዉርድ ይኽእል። ነዚ ንምክልኻል ኣብ ኮምፒተርና ኣንቲ ቪረስ ክንጽዕኖ ይግባእ። ሓደ ሰብ ኣብ ኦን ላይን ንብረት ኣብ ዝዕድገሉ ግዜ እቲ ዝጥቀመሉ ዘሎ መስመር ዉሕስነቱ ከረጋግጽ ይግብኦ፣ ኣብ ናይ ሓባር ወይ ህዝባዉያን ኮምፒተራት ክጥቀም የብሉን፣ እቲ ዝዉልዖ`ውን ካብ እሙናት ካምፓኒ ሙኻኑ ከረጋግጽ ይግብኦ። እዞም ዝጠቐስናዮም ነጥብታት እንተ ደአ ተኸቲልና አጠቓቕማና ዉሑስ ይኸዉን። ኣብ ኦን ላይን ናይ ብዙሓት ትሕቲ ዕድመ መንነት ይስረቕ። ናይ መንነት ስርቂ ካብ እኹላት ሰባት ኣብ ትሕቲ ዕድመ ብ51 ግዜ ይዓቢ። ሰረቕቲ ንቑልዑ ዘጥቅዑሉ ቆልዑ ካብ ዝኾነ ለቓሕ ነጻ ስለ ዝኾኑ ከምኡ ዉን ኣብ መራኸቢ ብዙሃን ወትሩ ናይ ዉልቆም ነገራት ስለ ዝዝርግሑ እዩ።

- ናይ ደቅና ልቓሕ ከመይ ኢልና ክንረኦ ንኽእል? **መምርሒ** ደረጃ ብደረጃ::https://www.creditcards.com/credit-card-news/instructions-how-to-check-child-credit-report.php

**ናይ ቪድዮ ጸወታ**: ቪድዮ ጸወታ ኣብ ዝሓለፈ እዋናት ብዙሕ ምዕባለታት ጌሮም ኢዮም::  ምስዘለዎ ናይ ጸወታ ምርጫታት፡ ወለዲ ክፈልጥዎም ዘለው ነገራት አለው: እዚ ድማ ህጻናት ነቲ ቪድዮ ምስ ኢንተርነት ብምርኻብ ምስ ካልኦት ሰባት ክራኸቡ ወይ ክጻወቱ ይኽእሉ እዮም:: ጽቡቕ ነገሩ፡ ዝበዝሑ ናይ ቪድዮ ጌምስ ናይ ወለዲ መቓጻጸሪን ናይ ዉህስነት መቓንን አለወን:: ስለዚ ወለዲ እቲ ዘሎ ነገራት ተረዲእና ደቅና ሙሉእ መዓልቲ ኣብ ቪድዮ ጌምስ ከይውዕሉ ክንቆጻጸሮም ይግበአና::

1. ካብ 4 ክፍሊ ክሳብ 8 ክፍሊ ዘለው ደቅና ቪድዮ ገምስ ኣብ ዝጻወትሉ ግዜ  ነዚ ተጠቒሱ ዘሎ ብምዉካስ ካብ ሕማቕ ነገራት ነብሶም ክዕቅቡ ይኽእሉ:: http://mediasmarts.ca/digital-media-literacy/educational-games

# ምምምም ምምምምም ምምምምምም ምም ምምም ምምምምም

Source: http://www.family.ca/internet-safety-tips/

**1** ናይ ግልኻ ሓበሬታ ብውልቂ ምዕቃብ። ብዘይ ናይ ወላዲ/ዋሕስ ፍቓድ ስምካ፡ ቁጽሪ ቴሌፎንካ፡ ኣድራሻ ቤትምህርቲካ ዘይምሃብ።

**2** መብዛሕትኦም ማሕበራዊ መርበባት፥ ከም በዓል (face book) ወይ ቲዊተር(twitter) ዛኣመሰሉ ዝኮነ ክትልጥፍ ከለካ መን ክሪኤካ ከምእትደሊ የምሩጹኻ እዮም። ናይ ዉልቃዉነትካ መቓን (privacy setting) ከመይ ጌርካ ከምትቕይሮ ንእኹላት ሰባት ክትሓትት ይግባኣካ።

**3** ዝኾነ ኣብ ማሕበራዊ ሜዲያ ዝለጠፍካዮ ወይ ናብ ካልኦት ሼር ዝገበርካዮ ካልኦት ክሪእዎ ምኺኖም ምዝካር ከድሊየካ ኢዩ። ቅድሚ ዝኮነ ነገር ምልጣፍካ ወይ ምስዳድካ ኩሉ ግዜ ክልተ ጊዜ ሕሰብ።

**4** ዝኾነ ዘይጉቡእ ነገር ኣብ ኦንላይን እንተሪኻ ካብ ወለዲ ወይ ካብ እሙናት እኹላት ሰባት ምኽሪ ሕተት። ምርኣይካ ናትካ ጉድለት ከምዘይኮነ ተገንዘብ።

**5** ዝኮነ ሰብ ቢኢመይል ወይ ኣብ ማሕበራዊ ሚዲያ ብዕሉግ ነገር እንተተሰዲዱካ ኣይትመልስ፤ ኣብ ክንድኡ ንሓላፍነታውያን ወይ ንእሙናት እኹላት ሰባት ተዛረብ።

6. ካልኦት ሰባት ዘለዉዎ ሰእሊ ወይ ቪድዮ ክትልጥፍ ምሲትደሊ ፍቓድ ምሕታት የድሊ።

**7.** ብዘይ ፍቓድ ናይ ወለድኻ/ዋሕስካ ብኦንላይን(online) ንብረት ዘይምግዛእ ወይ ዳውንሎድ ዘይምግባር።

**8.** ምስ ዝኾነ ብኦንላይን ጥራይ ዝተላለኻዮ ሰብ ብኣካል ክትራኸብ ኣይትሰማማዕ፡ ሰባት ንገዛእርእሶም ዝገልጽዋ ዘይክኾኑ ይኽእሉ እዮም።

**9.** መሕለፊ ቃልካ (password) ብሚስጢር ምዕቃብ፡ ዋላ ናይ ቀረባ ማሓዙትካ ክፈልጥዎ ኣይግባእን።

**10.** ሰባት ንካልኦት ሰባት ንዝገብርዎ ምድንዳን(Bullying) ኣንጻሩ ደው በል። ዘይምሕማይ ወይ ከኣ ንካልኦት ዘይምንሻው። ብዛዕባ ምድንደን ብኢንተርነት ብፍላይ ብሓፈሻ ንሰባት ንምውራድ ዝግበር ምድንደን ሓበሬታ ምሰትደልዩ http://www.family.ca/standup/ ክትረኽቡ ትኽእሉ ኢኹም።

ምምም ምምምምም ምምም ምምምም ምምምምም(Scam)ም ምምምምምምምምም ምምምምም ምምምምምም(Cyber

**ናይ ምድንጋር ወይ ምትላል ጻዊዒት(Fraudulent Calls)**
ካብ ንገለ እሙናት ትካላት ወይ ኣገደስቲ ትካላት ዝውክሉ ተመሲሎም ዝድዉሉ ምጥንቓቕ።
**https://www.getcybersafe.gc.ca/cnt/rsks/scms-frd/frdlnt-clls-en.aspx**

**ካብ ከምዚኦም ዝኣመሰሉ ምስ ዝድወለካ እንታይ ክትገብር ኣለካ?**
ከምዚ ዓይነት ደወል እንተመጺካ ዕጸዋ፡ ዝኾነ ናይ ኮምፒተርካ ውልቃዊ ሓበሬታ ዘይምሃብ፡ ርግጸኛ እንተዘይኮንካ ናብ ማእከል ኣገልግሎት ናይቲ ትካል ርኸቦ፡ ከምዚ ዓይነት ምድንጋራት እንተኣጋጢሙ ንናይ ካናዳ ጸረ ምጥፍፋእ ማእከል ንኽትሕብር ብትሪ ነተባብዕ። http://www.antifraudcentre-centreantifraude.ca or by calling 1-888-495-8501.

**ምጥፍፋእን ምትላልን ብኦንላይን (online scams and fraud)**
ንዝመጸካ ኢመይል ወይ መወዓዊዒ ሓቂ ድዩ ወይ ናይ ኣዳናገርቲ ንምፍላዩ ቀሊል ኣይኮነን። ሓቂ ክመስል ይኽእል እዩ፡ ሓቂ ውን ክኸውን ይኽእል እዩ፡ ነዚ ንምውሓስ ግን ነቲ መደናገርቲ ዝጥቀሙሉ ምልክታት ምልላይ የድሊ። **https://www.getcybersafe.gc.ca/cnt/rsks/scms-frd/index-en.aspx**

**ስፍሕ ዝበለ ሓበሬታ ክረኽበሉ ዝኽእል (source)**

ብዛዕባ ምድንጋርን ምትላልን ጽቡቕ ዝኾነ ሓበሬታ ዘለዎም ብዙሓት ኦንላይን ምንጭታት ኣለዉ።

ዘ ፋይናንሻል ኮንስመር ኤጄንሲ ኦፍ ካናዳ **The Financial Consumer Agency of Canada website** ዝተባህለ ድረ ገጽ (website) ናይ ባንክ ስምማዓት ወይ ምስ ናይ ካልእ ገንዘባዊ ትካላት እንገብሮ ኣገልግሎት ሓበሬታ የዳሉ።

ከምዚኦም ዓይነት ቅዳሓት ክትእዝዝ ምስእትደሊ ወይ ንዝኾነ ሓገዝ ተሌፎን ምሰትደሊ በዚ ቁጽሪ እዚ ምድዋል ይከኣል፤
Call (1800-622-6232) TTY: 1800-926-9105

**ቅድሚ ሕጂ ከምዚኦም ዓይነት ምድንጋራት እንተ ኣጋጢሞሙኒ እንታይ ይገብር ኣለኒ?**
ሓደ ካብቶም ኣብ ካናዳ ዝግበሩ ልሙዳት ምድንጋራት phishing ወይ smishing scam ይበሃሉ። እዚ ከኣ እቶም ኣዳናገርቲ ከም ሓደ ናይ መንግስቲ ወይ ናይ ንግዲ ትካል ተመሲሎም ብምቕራብ ዝገብርዎ እዩ። ንኣብነት ካብ ካናዳ ረቨኑ ኤጀንሲ ኢና ብምባል ይድውሉ። ሓደ ሓደ ጊዜ ነቲ ሰብ ገንዘብ ከምዝእዉድዎ ይነግርዎ እሞ እንተዘይከፊሉ ፖሊስ መጽዮም ክኣስርዎ ምኺኖም ይሕብርዎ። ኣብ ገለ እዋን ዉን ሊንክ

ሰዲዶም ኣብዚ ሊንክ እቶ ዝምለሰካ ገንዘብ ክትቅበሎ ብምባል የደናግሩ፡ ወይ ፎርም ሰዲዶም ውልቃዊ ሓበሬታኻ መሊእኻ ክትሰደሎም ይሕብሩኻ።

## ኣደዳ መታለልቲ ኮይነ ከምዘለኹ ኮይኑ እንተ ተሰሚዑኒ እንታይ ክገብር ኣሎኒ?

ርግጸኛ እንተዘይኮንካ ወይ ኣጠራጣሪ መልእኽቲ ኣብ ዝመጸሉ እዋን ተቐዳዲምካ ኣይትመልስ። ዝተቐበልካዮ መልእኽቲ ንምርግጋጽ መርበብ ሓበሬታ ናይቲ ትካል ተወከስ ወይ ዉን ደዉል:: ብዙሓት ሰባት ብስም CRA ናይ ዘታልሉ ሰባት መልእኽቲ  ናይ ግብሪ ክፍሊት ሃብ ዝብል ስለዘጋጠሞም፡ CRA እዚ ዝስዕብ  ምኽሪ ይመኽሩ፥

- ሲኣርኤ  ዝኾነ ሓበሬታ በኤልክትሮኒካዊ ደብዳቤ (ኢመይል) ወይ ብሞባይል ናይ ጽሑፍ መልእኽቲ ብፍጹም ኣይልእኹን እዮም::
- ሲኣርኤ ብህያብ(Gift) ካርድ ወይ ብቢትኮይን(bitcoin) ክፍሊት ብፍጹም ሓቱን እዮም።

ኣነ ካብ ሲኣርኤ(CRA) እየ ዝድዉለልካ ወይ ዝጽሕፈልካ ዘለኹ ገንዘብ ስለ ንእዉደካ  ወይ ስለ ትእዉደና ብዛዕባ ክፍሊት ዝምልከት ሓድሽ ሕሳብ ከፈትካ ወይ ናብ ናይ ስራሕና ዝተኸፍተ ኣቲኻ ግዴታኻ ፈጽም ዝብል መልእኽቲ በኤልክትሮኒካዊ ደብዳቤ (ኢመይል) ወይ ብሞባይል ናይ ጽሑፍ መልእኽቲ እንተ መጺኡካ ፡ ናብ ሲኣርኤ  ብዛዕባ ግብሪ ሓበሬታ ክህቡ ዝተመዘዙ በዚ ዝስዕብ ተለፎን ክትድዉል ትኽእል:: 1800-959-8281
ኣደዳ መታለልቲ እንተድኣ ኮይንካ ብቐደም ተኸተል እዚ ዝስዕብ ስጉምቲ ዉሰድ ፥

1. ብዛዕባ ዘጋጠመካ ኩነታት ንከባቢኻ ዘሎ ህዝባዊ ፖሊስ በርናቢ RCMP’S ህጹጽ ዘይኮነ  ን24 ሰዓታት ኣገልግሎት ዝህብ  በዚ ዝስዕብ ቴለፎን  **604-646-9999** ወይ መርበብ ሓበሬታ:http://burnany:rcmp-grc.ca  ሓብር ::
2. ቑጽሪ ሶሻል ኢንሹራንስ ኣብ ዝተሰርቀሉ እዋን ብ**1800-206-7218**  ናብ ሰርቪስ ካናዳ ብምድዋል ሓብር::
3. ብዛዕባ ዘጋጠመካ ምትላል ናብ ማእክል ጸረ ምትላል ካናዳ (Canada Anti Froud Centre) ሓብር:: ልክዕ ከም ናይ GC መፍትሕ ወይ ናይ ባንኪ ሕሳብ  ከም ዝግበር ከምኡ ድማ ናይ ሲኣርኤ ክትገብር ናይ ምጸምድቲ ሕሳብ ካልኣይ ሕሳብ ከም እትኽፍት ክግበር እዩ እዚ ሕሳብ እዚ ንዉሕስነትኻ ዳግመ ምትላል ንኸይፍጸመካ ዝሕግዝ እዩ። ብ **1888-495-8501**ናብ ጸረ ምትላል ማእከል ክትድዉል ትኽእል ኢኻ::

ኩሎም መታለልቲ ተመሰሳሊ ዓይነት ሜላ እዮም ዝጥቀሙ ንኣብነት ካብ ባንኪ ወይ ክረዲት ክርድ ኮምፓኒ ከምዝኾኑ ንባንክ ሕሳብካ ዳግመ ምርኣይ ክግበር ምሕታት ከም ዝደለዩ ብምምሳል ባኢመይል (ኤለክትሮኒካዊ ደብዳበ)ወይ ናይ ሞባይል ጽሑፍ መልእኽቲ እንተልኢኾምልካ ኣይትመልሰሎም። ካብ ባንክ ከምዘይኮነ ብቐሊሉ ኪፍለጥ ክልለ ዝኽእል እ'ዃ እንተኾ: ካብ ዘጥራጥረካ ዝኾነ ዓይነት መልእኽቲ ካብ ምምላስ ተቖጥብ :: ቕጥታ ናይ ባንክ ሕሳብካ ብምእታው ፥ ብምድዋል ወይ ብኣካል ብምኻድ ክትሕብር ይከኣል (ግን እቲ መርበብ መራኸቢ (ኢንተርነት)ውሑስ ኪኸዉን ኣለዎ) ብዛዕባ ዝተላእኸልካ ናይ ምትላል መልእኽቲ ንባንክኻ ምሕባር ግን ኣይትረስዕ፥፥

ንዝበለጸ ሓበሬታ ንሳይበር ኣጋጣሚታትን ሓበሬታትን [Canadian Centre for Cyber Security](#) ተወከስ።

# ዉሕስነት ሳይበር ንምክትታል ኣብ ፈስቡክ፤ትዊተር፤ ኢንስታግራም ተወከስ።

## ምምምም ምምምምም ምምምምምም ምምምም ምምምምምም ምም ምምምም ምምምምምምም ምምምምምም (Smart device) ምምምም (SMARTPHONES/TABLETS/SMARTWATCHES):

እዞም ነጥብታት ንዝኾነ መሳርሒታት ኣብ ገዛኻ ክህልዉ ዝኽእሉ ምስ ኢንተርነት ዘራኽቡ ዝምልከቱ እዩም። መራኸቢ መሳርሒታት ብ smart devices" ዝፍለጡ መዘናጋዕትን ንናብራና ከኣ ዘቕልሉን እኳ እንተኾኑ፥ ንመታለልቲ ንዉልቃዊ ሓበሬታት ክረኽብዎ ዕድል ይህቡ እዮም። ነዞም ዝስዕቡ ነጥብታት ብምኽታል ንዓኻን ንስድራቤትካን ክትከላኸል ስጉምቲ ዉሰድ፥

1. **ናይ ገዛኻ መርበብ WI-FI ኣዉሕስ፥**
   መራኸቢ መሳርሒታት ሓበሬታ ክሰዱን ክእክቡን ኢንተርነት እዮም ዝጥቀሙ። ናይ ገዛኻ Wi-Fi ዉሕስ እንተዘይኮይኑ፥ ሓበሬታኻ ዉሕስ ኣይኮነን! Wi-Fi ክትጥቀም ከለኻ፥ እቲ ዝወሓደ ዉሕስነት ናይ wireless encryption ከምኡ'ዉን መሕለፊ ቃል (Password) መከላኸልታት ክህልወካ ኣለዎ።
   ኣብ ትሕቲ'ቲ ናይ ገመድ ኣልቦ መቃን (wireless Setting)፥ router ናትካ WPA2 encryption ይሰርሕ ከምዘሎ ኣረጋግጽ። ብምቕጻል፣ ንገመድ ኣልቦ መርበብካ ብሓያልን ፍሉይን ዝኾነ መሕለፊ ቃል ጌርካ ዕጸዎ። ሓያል መሕለፊ ቃልካ- ዓቢ ፊደል፡ ንእሽተይ ፊደል፡ ቁጽርታት ከምኡ'ዉን ፍሉያት ምልክታት የጠቓልል።
   ልዕል ዝበልካ(Advanced) ተጠቃማይ ናይ እንተርነት እንተኾንካ፡ ነቲ ስማርት መሳርሒታትካ ንምርኻብ ኣብቲ Wi-Fi መርበብ ዝተፈለየ ናይ ዞባ መርበብ (network zone) ፍጠር። እዚ ዝተነጸለ መሳርሒ ይብሃል፡ ተመሳሳሊ ከም ናይ ጋሻ Wi-Fi መርበብ ከኣ ይሰርሕ። እንዳተጎዓዝካ ስማርት መሳርሒ ክትጥቀም ከለኻ፡ ምስ እሙንን መሕለፊቃል መከላኸሊ ዘለዎ መርበብን ጥራይ ተራኸብ፡ ከምኡ'ዉን ብርእሱ ን Wi-Fi መርበብ ዘናዲ መቃን ኣጥፍኣዮ።

2. **መሬት ኣቀማምጣ (Geolocation) ኣብዘይትጥቀመሉ ግዜ ኣጥፍኣዮ፡**
   ዝበዝሓ ምዕቡል መሳርሒታት Apps ኣለወን፡ እዚ ንጽገና መሬት ኣቀማምምጣ ከም ኣካላዊ ብቕዓት መዐቀኒ ወይ ከኣ ካርታታት ዝኣመሰለ ኣገልግሎት ንምሃብ ይጠቅም። ዘለካዮ ቦታ ክሪኦ ዝኽእል እንተኾይኑ፡ መታለሊ ዉን ክሪኦ ይኽእል እዩ ማለት`ዩ። እዚ Application ኣብዘይትጥቀመሉ ግዜ፡ ኣብቲ ናይ መሳርሒኻ መቓን ኣጥፍኣዮ።

3. **ኣፕሊክሽን(Apps) ቕድሚ ምዉራድካ ኣባኡ ዘሎ ናይ ስምምዕ ሰነድ፡ከምኡ'ዉን ናይ ኣጠቃቅማ ስምምዕ ብዝግባእ ክትርዳእ ፈትን:**
   ኩሎም ኣፕሊከሽን ናይ ገዛእ ርእሰም ናይ መሳርሒ መቓን ብምጥቓም ፥ መን ንሓበረታኻ ይርእዮ እንታይ'ከ ይርኢ ክቆጻጸሩ ይኽእሉ እዮም። ስለዚ ነቲ መሰርሒ መቓን ከም ትደልዮ ገርካ ኣመዓራርዮ እሞ ስምካን ኣድራሻኻን ከምዝሕባእ ግበር። ብተወሳኺ ንዘየድሊ ወይ ብዙሕ

ሓበረታ ንዝሓቱካ ኣፕሊከሽንስ ተተቀቶሎም ኢኻ። ነቲ መእተዊ ፍቃድ ተጠንቂቕካ ተመልከቶ፡ ስቕ ኢልካ ንዝሓተቱካ ፍቓድ እይትሃቦም።

4. **መቕረጺ ምስሊ (ምካመራ) ኮነ መቕረጺ ድምጺ (ምይክሮፎን)ዘይትጥቀመሉ እንተሃሊኻ ኣጥፍኣዮ:**
   ምብዛሕትኦም ናይ እንተርነት ቪድዮ ገም ሂድፎን(headset) ፤ ዝተራቐቑ ተለቪዥን (Smart TV) ፥ ዝተራቕቓ ስዓት(Smart Watches) ፥ ከምኡ'ዉን ዝትራቀቑ መጉልሒ ድምጺ ናይ ገዛእ ርእሶም መቕረጺ ስእሊ ወይ መቕረጺ ድምጺ ስለ ዘለዎም ዉሑስ እንተዘይኮይኑ ዘይሓሰብካዮ ሓበረታ ከመሓላልፉ ይኻእሉ እዮም። ስለዚ ኣብዘይትጥቀመሉ ኣዋን መቕረጺ ምስሊ ኮነ መቕረጺ ድምጺ ናይ ዝኾነ ዝተራቐቐ መሳርሒ ኣጥፍኣዮ ወይ ዉን ድምጺ ኮነ ምስሊ ክቐድሕ ከምዘይክእል ግበሮ።

5. **እትፈጥሮ ተጠቃሚስምካ ክትፍለጠሉ ዘክእለካ ሓበረታ ኣይሃልዎ፡**
   ካብ መጠን ዚሐለፎ ሓበሬታኻ ምዚርጋሕ፡ንመንነትካ/ዉልቃዊ ሓበረታኻ(privacy) ኣብ ሐደጋ ኣዩ ዘውድቆ። ኣብ እትጥቀድመሉ መሳርሒ፡ መጠቀሚ ፍቃድ ክትሰዕ ከለካ(መጻወቲ/game ወይ ኣፕሊካሽን) ናይ ተጠቃሚ ስምካ ብቀሊሉ ክለለ ዝኽእል ናትካ ሽም፡ዕድመ፡ትነብረሉ ኣድራሻ ይኹን ኪህልዎ የብሉን።

6. **ናይ ዝተራቀቀ ተንቀሳቃሲ ተለፎን ክኢላ ኩን፥**
   ስማርት ቲሊፎን ሐበሬታካ፡ ዘለኻዮ ቦታ ከሞኡ'ውን ኣብ መዝገብካ ዘስፈርካዮ ዝርዝር ኣስማትን ስልኪ ቁጽርን ንሐደጋ ከቃልዕ ይኽእል አዩ።ስለዚ ኩሉ ኣብ ቴሌፎንካ ትውርዶ ኣፕ ምንጩ ፍሉጥ ኪኸውን ኣለዎ፡ቴሌፎንካ ድማ ብጽኑዕ ፓስዎርድ (ወይ ናይ ኣጻብዕትካ ኣሰር) ክዕጸው ኣለዎ።ቴሌፎንካ እንተጠፊኡካ፡ነቲ ኣብኡ ዘስፈርካዮ ውልቃዊ ሐበሬታካ ትድምስሰሉ ( ትስርዘሉ) መንግድታትን ሜላታትን ምፍላጥ ግቡእ እዩ።ተወሳኺ ሓበሬታ ድማ ኣብዚ ዝስዕብ ዲሕረ ገጽ ክትረኽቦ ትኽእል እኻ፡-ConnectSafely.org/cellphonesafety-tips.

7. **ናይ ኢንተርነት መዘርግሒ መስመርካ((Router) ዉሑስ ይኹን፡**
   ኣብ መንበሪኻ ናይ ኢንተርነት መስመር መዘርግሒ ሳጹን(ሞደም) ምስ እንተርነት እተራኽበካ ከምዘለ ፍሉጥ እዩ። እዛ መሳርሒት መሕለፊቃልን መጠቀሚ ስምን ኣለዋ፡ ሓንሳእ እቲ ንሶም ዝሀቡካ መሕለፊቃልን መለለዪስምን ብቀሊል ዝግመት ክኸዉን ይኽእል እዩ። እቲ መዘርግሒ ከተተዓራዮ ስለዘይኮነ፡ስለዚ እቲ ፓስዎርድ ኣንተ ድአ ኣጠራጢሩካ፡ ናይ ኢንተርነት ኣገልግሎት ውሃብቲ ትካላት ምኽሪ ብምሕታት ነቲ ናይ ቁልፊ ስም(ስዎርድ) ክትቅይሮ ኣለካ።

**ኩሉ ኤሌክትሮኒካዊ መሳርሒኻ(Devices) ዉሑስ ይኹን፡**

ቴለፎንካን ኮምፑተርካን ብጽኑዕ መሕለፊቃል ዝተሓለወ ይኹን፡ከሞኡ ድማ ንኮምፑተርካ መክላከሊ ዚከውን ሶፍትዌር ኪትጽዕነሉ ኣሎካ።ኣፍልጦካ ብዛዕባ መክላከሊ ሶፍትዌር ድማ ድሩት እንተኮይኑ ን ኣፍልጦ ዘለዎም መሓዙትካን ኣባላት ስድራቤትካን ወይ ድማ እቶም ኢንተርነት ይኹን ሞባይል ስልኪ ውሀብቲ ኣገልግሎት ተወከስን ሐገዝ ሕተት።ሻውን ካልኦት ናይ ኢንተርነት ኣገልግሎት ውሀብቲ ትካላት ነጻ ወይ ድማ ብሕሱር ዋጋ ጸረ-ቫይረስ ሶፍትዌር ኣብ ኮምፒተርካ ኪጽዕኑ ይኽእሉ ኣዮም። ካብ መንነቶም ዚትፈለጡ ታካላት ዊን ጸረ-ቫይረስ ክትገዝእ ትክእል ኢካ፡ ንከም እዞም ኣብዚ ዝስዕብ ዝተጠቕሱ ConnectSafely.org/securityvendors.

**ንተወሳኺ ሐበሬታን ብሉጽ ኣገልግሎታትን ነዞም ዝስዕቡ ተወከስ፥**

**FightSpam.gc.ca**: እዚ ንካናዳዉያን ነጋዶን ካብ ምጥፍፋእን ካብ ኤለክትሮኒካዊ ምፍርራሕን ንክሕለዉ ዝሕግዝ እዩ።

**Youth privacy**: ሓበሬታን መሳርሕን ካብ ቤት-ጽሕፈት ውልቃዊ ሓበሬታ ኮሚሽነር፡ ንመንእሰያት ውልቃዊ ሐብሬታን ኣብ ኦን ላይን ንኽከላከሉ ይሕግዝ።

## ዕድጊ ብእንተርነት (online Shopping)፣ ብኢንተርነት ክትዕደግ ከለካ; ከመይ ጌርካ ዉልቃዊ ሓበሬታኻ ትከላኸል፡

**ሐያልን ብዐይነቱ ፍሉይ ዚኾነ መሕለፊቃል( ፓስዎርድ) ምጥቃም፡**
ልክዕ ከም ኣብ ኢሜልን ማሕበራዊ መራኸቢታትን (ሜድያ) መፍለይ ኣካውንትኽእ ፡ ኣብ ኦን ላይን ዕዳጋ ኪትገብር ከሎኻ ሐያልን ብዐይነቱ ፍሉይ ዚኾነ ናይ መሕለፊቃል ( ፓስዎርድ) ኣዝዩ ኣገዳሲ እዩ። ብዘይካ ነቶም ኣሚንካ ኣካውንትኻ ኪከታተሉ ዚመዘዝካዮም ውልቐ-ሰባት እንተዘይከይኑ፡ ፓስዎርድኻ ንማንም ክትህብ የብልካን። ነቲ ፓስዎርድኻ ሐያል ንኽኸውን ድማ ብውሑዱ 8 ፊደላትን ቑጽርታትን ዝትሐዋወሶ ጊርካ መስርቶ፡ ኣስማት ይኩን ኣብ መዝገበ ቓላት ዚርከቡ ቓላት ከም ፓስዎርድ ክትጥቀም የብልካን።ኣብ ConnectSafely.org/passwords ብምዕብል ዝበለ ኣገባብ ብከመይ ጌርካ ሐያል ፓስዎርድን ናይ ኣጻብዕ ምልክትን ትምስርት ሐበሬታ ኣሎ።

**ዘይትፈልጦ ናይ እንተርነት መእተዊ ኣድራሻ(Link)ዘይምጥዋቕ፥** ኣብ ኢመይል ወይ ድማ ኣብ ማሕበራዌ ሚድያ ካብ ባንክ፥ ናይ መንግስቲ ትካላት ካልኦት ኣለቃሕቲ ትካላትን ዝተላአኩ ምራካቢ(Linc) እንተድኣ ምሉእ ብምሉእ ሕጋዊ ምኻኑ ዘይተኣማሚንካሉ ኪትከፍቶ( ኪትጥውቖ የብልካን)። እዚ ብተደጋጋሚ ዝርኣ ናይ አሜይል ምትላል ሜላ ፊሺንግ (phishing) ይበሃል። ፊሺንግ( phishing) መድናገርቲ ኣብ ኢመይል ወይ ድማ ማሕበራዊ መራኸቢ ሚድያ ቅኑዕ ዝመስል ሊንክ ናይ መርበብ ሐብሬታ ወይ ድማ ድሕረ- ገጽ ብምልኣኽ አቲ ተጠቃማይ ተታሊሉ ( ሐቑ መሲልዎ) ምስ ጠወቆ እቶም መድናገርቲ ናብ ኣካውንትኻ ብምእታው ኩሉ ዊልቃዊ ሐበሬታኻ ( ስም፡ ዕለተ ልደት፡ ፓስዎርድን ካልእ ሐብሬታን) ይሰርቅዎ ወይ ድማ ንሐደጋ የቃልዕዎ። ኣብቲ ዝተላእከልና ሊንክ ዋላ ዊን ናይ ካምፓኒ ስም አንትህለዎ ምድንጋር ውን ክኸውን ይክእል አዩ። እቲ ዉሑስ ኣማራጺ፡ ኣብ ክንዲ ነቲ ዚተለከልካ ሊንክ ምጥዋቅ ነቲ ናይቲ ካምፓኒ ስም ባዕልኻ ኣብ መርበብ ሐበሬታ መድለይ ክፋል ብምጽሓፍ ምድላይን ስልኪ ብምድዋልን ነቲ ሐበሬታ ምርግጋጽ።

**ሓቂ እዩ ኢልካ ክትኣምኖ ዘሸግረካ ዝቀርበልካ ብርክት ዝበለ ህያብ ብጥርጣረ ምርኣይ፥**
ንአብነት ንዘይተወዳደርካዮ ተዐዊትካ ዝብል መልእኽቲ ወይ ድማ ኣዝዩ ትሑት ዋጋ ናይ ንምዝንጋዕ/ዕረፍቲ፡ ኣዝዩ ሕሱር ትሕቲ ዋጋ ዝኮነ ንብረት፡ ብፍላይ ከኣ ትሑት ዋጋ ናይ መድሀኒትን ናይ ሕክምና ኣገልግሎታትን ዝኣመሰሉ የድሊ።

**ካብ ዘተኣማምን ፍሉጥን ዝኾነ ነጋዳይ ጥራይ ብእንተርነት ምዕዳግ፤**
ቅድሚ ሕጂ ሰሚዕካዮ ዘይትፈልጥ ነጋዶ ብእንተርነት ኣዚኻ ኪትጥንቐቕ ኣሎካ። መብዛሕትኦም እኒ አሙናት አንተኾኑ ገለ መድናገርቲ ግና ሕጋውያን መሲሎም ናይ ለቃሕ(credit) ካርድኻ ቑጽሪ ወይ ፋይናንስያዉ ሓበረታኽ ክሰርቑ ይኽእሉ እዮም።ወይ ድማ ነቲ ክልእኩልና ቃል ዝኣተዉልና ይኹን ዚገዛእናዮ ኣቕሐ ከይልእኩልና ይክእሉ እዮም። እንተ ተጠራጢርካ ንካልኦት ኣብ ከባቢካ

ዘለዉ ምሕታት ወይ ድማ ብዛዕባ እቲ ትካል ( ናይ ሸቐጥ ማዕከን) መጽናዕቲ ምክያድ፡ እሞ እቶም ካልኦት ዓማዊል ብዛዕባ እቲ ትካል ዝሃብዎ ርእይቶ ምድህሳስ።

**ብኦንለይነ ክትዕድግ ወይ ባንክ ክትጥቀም ከለካ ውሑስ ደሕረ-ገጽ ( ወብሳይት)ተጠቀም፡**
'https' እቲ 's' ኣብቲ መድለይ ናይ መርበብ ሐበሬታ ን ውሑስ ድሕረ- ገጻት ይውክልን ኣቲ ወብሳይት(ድሕረ- ገጽ) ውሑስ ምዃኑ የመልክት። እንተ ድኣ 'http' ጥራሕ ኮይኑ ግን ውሑስ ኣይኮነን። እንተ ድኣ ብ ሞብይልካ ትጥቀም ኮንካ ነቶም ካምፓኒ ወይ'ውን ባንኪ ብምውካስ ኣቲ ወብሳይት ናቶም ምዃኑ ምርግጋጽ፡እንተ ተጠራጢርክ ድማ ንካልኦት ብዛዕባ እቲ ትካል ዝህብዎ ርእይቶ ወይ ን ክኢላታት ተወከስ።

**እንተ ተኻኢሉ ናይ ለቃሕ(credit) ካርድ ተጠቐም፤**
እንተዘይተኻኢሉ ከኣ ናይ ባንክ ካርድኻ(ደቢት) ከምኡ'ዉን ውሑስ ኦንላይን ናይ ክፍሊት ኣገልግሎት ንኣብነት፥ ፐይ ፓል ተጠቀም።ጥረ ገንዘብ፡ ካሸርስ ቸክ ወይ ድማ ማንይ ኦርደር ኪትጥቀም የብልካን። ዉልቃዊ ቸክ ናትካ'ውን ሐደገኛ እዩ። ናይ ለቃሕ(credit)ካርድ ምጥቓም ተመራጺ ዝገብሮ ከኣ ዘይምርድዳእ እንተ ተፈጢሩ እቶም ክረዲት ካርድ ካምፓኒ ነቲ ኩነታት እንዳኣጻረይዎ ከለዉ ነቲ ክፍሊት ጠጠው ከብልዎ ወይ ከኣ ገንዘብካ ክመልሱልካ ይኽእሉን እዮም። ናይ ባንክ ሕሳብካ(Debit)ካርድ ግን ውሕስነት እኳ እንተሀለዎ ገንዘብካ ንክምለሰካ ጊዜ ክወስድ ይኽእል እዩ። ካልኦት ናይ ምኽፋል ውሀብቲ ትካላት ከም ፐይ- ፓልን፣ ኣንድሮይድ ፐይን ኣፕል ፐይን ውን ዝተወሰነ ውሕስነት እኳ እንተሀለዎም ክረዲት ካርድ ምጥቃም ግን ካብ ኩሎም ይበልጽ።

**ቅድሚ ምጥዋቕካ ከተስተዉዕላ ኣለካ፤**
ገለ ነገራት ሓደ ግዜ እንተገርካዮ ካልኣይ ገዜ ከትመልሶም ዘይትኽእል ክኸዉን ይኽእል እዩ። ንኣብነት ምሻጥን ምግዛእን ገለ ናይ ትካላት ግጉይ/ሓቂ ዘይኮነ ብርኪ፥ ወይ ድማ ክምለስ ዘይእል ናይ ኣየር መብረሪ ፍቃድ ምግዛእን፥ ሆቴል ምክራይን። ነቲ ናይ ንግዲ ልውውጥ (ትራንስኣክሽን) ብጥንቃቐ መርምሮ ኢካ ቅድሚ ምርግጋጽካ። እንተ ድኣ ዝገዛእካዮ ነገር ጊጋ ፈጺምካ ድማ፡ ብቐጥታ ነቲ ካምፓኒ ምድዋልን ክትቅይረሉ ትኽእል መንገዲ እንተሎ ምሕታትን። ብዙሓት ናይ ኦን ላይን ዕዳጋታት ናይ ምስራዝ ኣማራጺ ኣልዎም ግን ብእዋኑ ክግበር ኣለዎ። ሐንሳብ እቲ ዝገዛናዮ ኣቕሐ እንተናባኻ ተላኢኹ ምስራዝ ኣይከኣልን እዩ። እቲ ዝገዛእካዮ ንብረት ምስ ትቀበልካዮ ናይ ምምላስ ኣማራጺ እኳ እንተሀለወ፡ ናይ መምለሲ ኣገልግሎት ፖስጣ ግን ክትከፍለሉ ኣሎካ። እቲ ናይ ምምላስ ፖሊሲ ናይቲ ኦን ላይን ዕዳጋ ክትርድኦን ዘኽፍለካ ናይ መምለሲ ዋጋን ካልእ መሰለጢ ክፍሊትን ግብርን ክትፈልጦ ይግባእ።

**ቅድሚ ብ ኦንላይን ሐገዝ ምብርካትካ መጽናዕቲ ክትገብር ኣሎካ፤**
ብዙሐት ናይ ሐገዝ መሕተቲ ድሕረ-ገጻት ከም፡kickstarter, Indiegogo ን GoFundMe ቀዳሞት ሓገዝትን ዓደግትን ንጽቡቅ መዓላ ዝዉዕል ሓገዝ ዝገብሩ ትካላት እዮም፡ ንተወጽዑ ሰባት ከኣ ፋይናሳዊ ሓገዝ ዝገብሩ ትካላት እዮም፥እንተኾነ ግን ንስኻ ውን ሐገዝ ከተበርክት እንተደለኻ ብጥንቓቀ ክትርእዮ ኣለካ። ድሕረ ባይታ እቲ ትካል መጽናዕቲ ክትገብር ኣሎካ። እንተድኣ ን ፍሉይ ምኽንያት ገንዘብ የዋጽኡ ኣለዉ እቲ ምክንያት ሐቐኛ ምዃኑ ምርግጋጽ። እንተ ድኣ ሐድሽ ምህርቲ ይዝርግሑ ኣለዉ እቲ መወዐውዒ ሐቐኛ ምዃኑ ምርግጋጽ። እንተ ተጠራጢርካዮ ድማ ምግዳፍ።
**ካብ ናይ መንነት ስርቂ(privacy theft)ምክልኻል፤**

ሶሻል ኢንሹራንስ ቑጽርካ(SIN) ኣብ ኦን ላይን ዘይምእታው፡ ብዘይካ ኣብ ውሑስ ዝኮን ድሕረ-ገጽን(website)፡ እቲ ሐበሬታ ናይ ሶሻል ኢንሹራንስ ቑጽርካ ከኣ ብጣዕሚ ዘድልዮ እንተ ኮይኑ ጥራሕ ከተእትዎ ኣለካ። ንኣብነት ኣብ ዝተኣማምኑ ኦንላይን ባንክታት፡ ናይ ባንክ ኣካውንት ፡ክረዲት ካርድ ወይ ድማ ክረዲት ላይን ኣብ ንኸፍተሉ ግዜ። ብዘይካ ኣብ ዘታማምኑ ውሑሳት ድሕረ- ገጻት ዕለተ ልደትካን ዝተወለድካሉ ቦታን ዘይምሕባር። ውልቓዊ ሓብሬታ ንኣብነት ናይ መንበሪና ኣድራሻ ምስ እንሕተት ኣዚና ኪንጥንቐቅ ኣሎ። ሕጋውያን ድሕረ- ገጻት ከም ፈይስ ቡክን ካልኦት ፋይናሳዊ ትካላትን ዕለተ ልደትካ ክሐቱኻ ይክእሉ እዮም። ነቶም እሙናትን ሕጋውያንን ናይ ኦንላይን ዕዳጋታት ጥራይ ክረዲት ክትዕድግ እንተደሊካ ካርኻ ክትህብ ኣሎካ። እንተ ተጠራጢርካ፡ ናይ ካልኦት ተጠቀምቲ ርእይቶ ትወከስን መርምሮን።

**ናይ ኦንላይን ፋይናንሰዊ ሕሳብካ ክትቆጻጸሮ ኣሎካ፤**

ኣብ ቐረባ ግዜ ዝተኻየዱ ናይ ገንዘብ ምልውዋጣት ትኽክል ምኺኖምን፡ ዘይዓደግካዮ ክፍሊት ካብ ክረዲት ካርድን ደቢት ካርድን ወይ ውን ባንክ ኣካውንትኻ ከይህሉ ከትረገግጽ ኣሎካ። እቲ ናይ ኦንላይንን ናይ ወፍሪ ኣካውንትኻ ውን ክትከታተሎ ኣሎካ፡ ንስኻ ዘይፍቀድካዮ ምልውዋጥ ከይህሉ ክትቆጻጸር ኣለካ። ገለ ዘጠራጥር ነገር እንተ ረኺብካ፡ ነቶም ናይ ባንክ ናይ ምትላል ዝቖጻጸር ክፍሊ ብቐጥታ ምሕባር ወይ ድማ ኣብቲ ክረዲት ካርድኻ ወይ ድማ ኣንድ ደቢት ካርድኻ ዘሎ ናይ ነጻ ስልኪ ቑጽሪ ደዊልካ ሐብሮም። ወላ እካ ኦንለይን እንተዘይተጠቀምካ ናይ ምትላል ግዳይ ክትከዉን ትኽእል ኢኻ። ዝኾነ ዘሰክፈካ ነገር እንተኣለዩ ነቲ ባንካኻ ክፈልጥ ሓብሮ። ኣብ መብዛሕትኡ ግዜ እኳ ካብ ምትላት ውሕስ አንተሀለወካ ኣብቲ ዘለኻዮ ባንክ፡ ምትላል እንተኣጋጢሙ ግና ቀልጢፍካ ምሕባር ኣገዳሲ እዩ።

**ናይ ልግሲ ምትላል(charity scams)፤**

መብዛሕትኦም ናይ ልግስና ማሕበራት ኣብ ድሕረ ገጾም(website) ናይ ለግሱልና መልእኽቲ የንብሩ እዮም። እሱ እኳ ግቡእ እንተኾአ መጀመሪያ ግን እቲ ልግስና ዝሐትት ዠሎ ትካል ሕጋውን ቅኑዕን ምኺኑ ከተረጋግጽ ይግባእ። ብፍላይ ድማ ብ ኢመይል ዝለኣኹ ናይ ኦንላይን ናይ ልግስና ሕቶታት ክትጠራጠሮም ኣሎካ። እንተ ድኣ ነቶም ናይ ልግስና ዝሐቱ ዘልዉ ትካላት ዘይትፈልጦም ኮንካ፡ መንነቶም ኣብ CharityNavigator.org ክትፍትሽ ኣሎካ። ኣብ ኦን ላይን ክትልግስ እንተደሊኻ ናብቲ ሕጋዊ ድሕረ-ገጽ ብምፍታሽ ሓቅነቱ ከተረጋግጽ ኣለካ። ምእንቲ ውሑስ ክኮነልካ፡ እቲ ኣድራሻ ባዕልካ ኣብ እንተርነት ብምጽሓፍ ክትፍትሾ እሞ ንዕኡ ክትከፈት ይምረጽ።

## ምምምም ምምምምም ምምምም ምምምምምም

*(Source: https://www.getcybersafe.gc.ca/cnt/prtct-yrslf/prtctn-mn/nin-shpng-en.aspx)*

**ንናይ ሓደ ኦንላይን ዕድጊ ድሕሪ ባይታ(website) እሙን ከምዘይኮነ ዘረጋግጹ ውሑዳት መተንበሀታት እዚ ዝስዕብ ክግለጽ ይከኣል፥**

- እቲ ድሕረ- ገጽ ብግቡእ ዝተቀየሰ ምስ ዘይከውን፡ ዝተቆራረጸ ሊንክ ምስ ናይ ካልኦት ድሕረ- ገጻት ክተረኣእዮ ከለካ ከኣ ዘይስሩዕ ምስ ዝኸዉን።
- ኣድራሻን ስልኪ ቑጽሪ ናይቲ ትካል ዘይብሉ ምስ ዝኸዉን።
- ናይ ዕድጊ፡ ናይ መምለሲ፡ ናይ ዉልቃዊ ሓበረታትካ ምዕቃብ ፖሊሲታቶም ንጹር ዘይኮነን ንኽትረክቦ ዘሸግርን ምስዝኸዉን።
- ናብ ድሕሪት መምለሲ መጠወቒ ዘይሰርሕ፡ ኣብታ ዝሎካያ ገጽ ዝሕዘካ እሞ ንድሕሪት ክትምለስ ዘይትኽእለሉ እንተኸይኑ።
- ኣብ ምዕዳግ ከይ በጸሕና ኮለኻ ናይ ክረዲት ካርድኻ ሓበሬታ እንተ ሐቲቱካን ክጥቀሱ ይኽእሉ።

**ኦን ላይን ክትዕድግ ከለኻ ብኸመይ ነብስኻ/ ኣገዳሲ ሓበረታትካ ትሕሉ**

- ዝከኣል እንተኸይኑ ብናይ ለቓሕ (credit) ካርድ ጥራሕ ምኽፋል፡ ጥረ ገንዘብ ኣይትልኣኽ።
- ኣዝዮም ዝተጋነኑ ሕሱር ዋጋ ናይ ንብረት ምጥርጣር፡ መብዛሕቱ ግዜ ሕሶት/ዝተተምየነ ከኣ ስለዝኸውን ማለት እዩ።
- ብ ኦን ላይን ክትዕድግ ኮለኻ ህዝባዊ/ማሕበራዊ ዋይ ፋይ(Wifi) ኣይትጠቀም።
- እቲ ናይ ሓበረታ ማዕቀብ ፖሊሲኦም ብምንባብ፡ እቲ ናይ ግሊ ሐብሬታኻ ብ ኸመይ ከምዝጥቀምሉ ፍለጥ።
- ንገንዘብን ምስ ገንዘብ ዝተሐሐዝ ሐበሬታ ንዝሐተካ ኢመይል ወይ ድማ ስቕ ኢሉ ዉትፍ ዝብል መልእኽቲ ዘይምምላስ።ሕጋውያን ታካላት ከምዚ ዐይነት ሐበሬታ ብከምዚ ዓይነት መገዲ ኣይሐቱን እዮም።
- ናይ ለቓሕ(credit) ካርድኻ ዝርዝር ጸብጻብ ዕድጊ ኣንብቦ፡ ዘየፍቐድካዮ ዕድጊ ከይህልዎ ከኣ ክትምርምሮ ኣለካ።
- Firewall (ናይ መከላኸሊ መርበብ) ከምዝተኸፈተ ከተረጋግጽ ኣሎካ። ንኣብነት ኣብ ናይ ቐረባ ግዜ ዚተሀንደሱ ዊንደውስ ፋየር ዎል(መከላከሊ) ብቕጥታ አዩ ዝኽፈት። ብዝኮነ ግን ጠፊኡ ከይህሉ ከተረጋግጽ ኣሎካ።
    - ንዊንደውስ ፋየር ዎል ክንከፍቶ አንተደሊኻ፡መጀመርያ ነቲ ስታርት( መጀመሪ) ጠውቖ ብድሕሪኡ ኮንትሮል ፓነል
    - ኣብቲ ሰርች ቦክስ ድማ 'fairwall' ትጥውቅ፡ ቀጺልካ ኣብቲ windows firewall
    - ናይ ጸጋም ዘሎ ሸነኽ Turn windows firewall on or off ትረክብ። በዚ መገዲ ኸኣ ትኸፍቶ።

ባዕልኻ ምላእ(auto-fill) ዝብል ኣማራጺ ንምሕለፊቃልካ ወይ ዉን ዉልቃዊ ሓበረታኻ ዘይምጥቃም፡ ንኣብነት ኣድራሻኻ ወይ ምሉእ ስምካ። ኣብ ዝኾነ ድሕረ-ገጽ(ወብሳይት) ናይ ክረዲት ካርድኻ ሐበሬታ ኣተቐምጥ (ከተስፍር) የብልካን። ብኻልእ ኣዘራርባ ኣብ ነፍሲ ወከፍ ናይ ዕድጊ መስርሕ ( ልውውጥ) ናይ

## ምምምምም ምምምምምምምም(Seniors)ም ምም ምምምም ምምም ምምምምምምም ምምምም ምምምም ምምምምምም

ሓደ ግዜ ኣብ ገዛኻ ሻሂ እነዳ ሰተኻ ከለኻ፡ ተለፎን ተደዊልኪ ንበል። እቲ ደዋሊ ከኣ″ ሄሎ ዓባየይ ከማይ ኣለኺ፡ ኣነ ወዲ-ወድኺ እየ ኢሉኪ። ኣነ ኣብ መገሻ እሰፈር ኣለኹ እሞ፡ ፓስፖርተይን ፕርቶፊልዮይን ተፊኡኒ እሞ፡ ገንዘብ እባ ሰደድለይ ኢሉ እንተሓቲቱ፥ እሞ እቲ ድምጺ ከኣ ትሕት እንተኢሉ፥ ኣየናይ ወዲ-ወድኺ ምካኑ ዝድዉለልኪ ከኣ እይፈለጥክዮን፡ ግን ከኣ እንተሓቲትክዮ ከይስመዖ ፈሪሕኪ። ዝኮነት ብጣዕሚ እትሓሊ ዓባይ መጀም ንወዲ ወዳ ኣብ ግዜ ሓደጋ ብህጹጽ ክትሕግዝ እያ ትደሊ፡ ስለዚ ኣበይ ከንዘብ ከም እትሰድድ ትሓቶ እሞ። ሕማሕ ዕደል ከይኑ ግና እቲ ደዋሊ ወዲ-ወዳ ኣይኮነን፣ እዞም ዕሉላት መታለልቲ ነዞም ከምዚኣን ዝበላ ዓበይቲ እዮም ዕላማ ዝገብሩ። እቲ ጥዕይ ዝኾነ ርሕራሐኣን እዮም ዘጥቕዑ።

ከምዚ ዓይነት ምድዋል ብዙሕ ግዜ እዩ ዝርአ፡ ነቲ ብዙሕ ዝጸዓሩሉ ገንዘብ ካልኦት ሰባት ከኣ ይብዝብዙ። እቲ ናይ ምትላል ምልዉዋት ከኣ ብዝቀልጠፈ ናህሪ ኣሰካፊ ከይኑ ይቕጽል ኣሎ። እቲ ሓቀኛ ቁጽሪ ካብቲ ዝሕበር/ዝፍለጥ ይበዝሕ እዩ ምኽንያቱ ብዙሕ ሰብ ከይሓበረ ስቕ ሰለዝብል ማለት እዩ።

### መከላኸሊ ነጥብታት

- ፖሊስ፡ዳኛ/ፈራዲ፡ሕጋዊ ወይ መንግስታዊ ትካላት ገንዘብ ብሓዋላ ክለኣኽ ብፍጹም ኣይሓቱን እዮም።
- ንዝኾነ ብተለፎን ደዊሉ ውልቃዊ ሓበረታ ንዝሓተካ፡ ሓበረታኻ ኣይትሃብ።
- ምስ ኣዝማድ ኮነ መቅርብካ ብዛዕባ እቲ ገንዘብ ዝሓተካ ዘሎ ምቅርብካ ወይ ዓርክኻ ኩነታቱ ተዘራሪብካ ኣረጋግጽ ቅድሚ ገንዘብ ክትሰድድ ምዉሳንካ።
- ብዉልቂ ንዘይትፈልጦ ገንዘብ ብሓዋላ ኣይትስደድ ኢኻ። ናይቲ ትሰደሉ ሓሲብካ ዘለኻ መንነት ኣቀዲምካ ኣረጋግጽ ቅድሚ ናብቲ ካልኣይ ደረጃ ናይ ምሕጋዝ ምሕላፍካ። እቲ መስደዲ ፍቓድ ምስ ሃብካዮ ኣብ ዝኮነ ክፋል ዓለም ከይኑ ነቲ ገንዘብ ክወስዶ ይኽእል እዩ።

### <u>ካብ ናይ መታለልቲ ግዳይ ምዃን ክሕግዙ ዝኽእሉ 10 ምኽርታት፤</u>

1. ኣደይ ኩሉ ግዜ ከም እትብለኒ **"ንክትኣምኖ ዘጸግመካ ነገር መብዛሕቲ ግዜ ዘይእመን እዩ"።** እቶም መታለልቲ ተዋሳእቲ ነቲ ባህግና ብቅልጡፍ ክዕረየልና ወይ ድማ ድክመትና ናይ ኣቋራጭ ገንዘብ ምድላይ ዝምዝምዙ እዮም። ናይ ነጻ ንብረት ብምብርካትትን ዋጋ ትሑት ዝኮነ ብሉጽ ንብረት ብምሻጥን ን ሰባት ኣደናጊሮም ዘይደልይዎ ኣገልጊሎት ይኩን ብምትላል ናይ መጽዓኒ ገንዘብ ኽከፍሉን ይገብሩ። እዚኦም መብዛሕት ኦም መታልልቲ እዮም። ገንዘብና ወሲዶም ነቲ ቃል ዝኣተዉልና ንብረት፣ ኣገልግሎት ወይ ድማ ብልጫ ኣይል እኩልናን እዮም።

**ምክሪ፤ ንዝኮነ ዝተለገሰልና (ቃል ዝኣተወልና) ንብረት፤ኣገልግሎት ወይ ብልጫ ብዝርዝር ብጽሑፍ ክለኣኽልና ምሕታት፤ ቅድሚ ኣብቲ ዉዕል ምእታዉና ነቲ ጽሑፍ ክነንብቦን፡ ክንፍርሞን፡ክንሰማምዓሉን ኣለና፥ ከምኡ'ውን ናይ ካልእ እንኣማኖ ሰብ ሓሳብ ክንሰምዕ ኣገዳሲ እዩ።**

2. "ኣይደልን እየ የቀነለይ።" ወይ "ንሕጂ ኣይየድልየንን እዩ።" ወይ ከኣ "ክሓስበሉ እየ" ምባል ነዉሪ ኣይኮነን። ሕጋዉያን ትካላት(ኩባንያታት) ብጽሑፍ ሃቡኒ ወይ ዉን መጽናዕቲ ክገብረሉ እየ ዝብል ሕቶ ቅቡል ምኻኑ ይርድኦም እዩ።
**ምክሪ፥ ንኽትከፍል ይኹን ፈረምካ ዉዕል ክንኣቱ ዘገድድን ጸቅጢ ዝገብርን ኮይኑ እንተ ረኪብናዮ። ነቲ ናይስልኪ ዝርርብ ዕጸዎ ብኣካል እንተከይኑ ድማ ከይፈረምካ ገዲፍናዮ ምኻድ።**

3. ዝኾነ ናይ ባንክ ወይ ክረዲት ካርድ ሓበሬታን ንካልእ ዘይምሃብ፥ ሶሻል ኢንሹራንስ ቁጽሪ፤ ናይ ሕክምና ቁጽሪ፣ብስልኪ ይኹን ብኢመይል ንዝሓተካ ዘይትፈልጦ ደወሊ ወይ ብኢመይል ሓታቲ ዘይምሃብ።
**ምክሪ፥ ምስ ገንዘብ ዝተሓሓዝ ሓበሬታና ን እንፈልጦም ትካላትን ሓበሬትኦም መጽናዕቲ ዝገበርናሎምን እንተ ኮይኖም ጥራይ ክንእብ ይግበኣና።**

4, **ካብ ሕጋውያን ዝመስሉን፡ጥዑም ዝዛረቡ ምታላልቲ ደወልቲ ምጥንቃቅ**
መታለልቲ በላሕቲ እዮም፡ ደቒ ሰባት ንሕጋውያን ዝመስሉን ጥዑያት ኮይኖም ንዘቕረብዎ ሰባት ሕቶታቶም ኣዉንታዊ መልሲ ከምዘይረኽቡ ይፈልጡ እዮም። ባንክ፣ፖሊስ ወይ ድማ ናይ መንግስቲ ሰራሕተኛታት ብቴሌፎን ወይ ኣብ ገዛኻ ብምምጻእ ክፍሊት ኣይሐቱን እዮም። እንተ ድኣ ኣብ ገዛ ብምምጻእ ይኹን ብ ቴሌፎን ክፍሊት ንዝሐተተካ ሰብ ባዕልኻ መዘግብካ ኣረጋጊጽካ ደዊልካ ምስቲ ትካል ደዊልካ ምስ ኣረጋገጽካ ከም እትከፍል ሐብሮ።
**ምክሪ ፡ ንዘለካ ክፍሊት(እትእወዶ ዕዳ) ኣብቲ ሕጋዊ ህንጻ ናይቲ ትካል ብምኻድ ወይ ድማ ነቶም ትካል ባዕልኻ ደዊልካ ናይቲ ትእወዶ ገንዘብ ብዝሒ ኣረጋጽካ ክትከፍል ኣለካ።**

5, ንብረት ዘዐርዩ ወይ ድማ ወኪል ናይ ገለ ትካል ኣቕዲሞም ቖጸራ ብምሓዝ እዮም ናብ ገዛኻ ከምዝመጹ ዝሕብሩ። ዘይትፈልጦ ሰብ ማዕጾኻ እንተ ኣንኳሕኪሑን ትጽበዮ ሰብ ተዘይብልካን ክትጥንቐቅ ኣሎካ፡ ማዕጾ'ውን ከትከፍት ይብልካን ካልእ ግዜ ክምለሱ ንገሮም። ኣብቲ ገዜ እቲ በይንኻ ዘይኮነ ሰብ ሒዝካ ክትጸንሕ ኣሎካ። ዋላ'ውን ሰብ ትጽበ ኣንተህሉኻ ንማዕጾ ቕድሚ ምኽፋትካ ወረቀት መንነቶም ሕተት። ኣብ ደገ ክጸንሑ ብምሕባር ድማ ነቲ ዝላኾም ትካል ደዊልካ መንነት ናይቲ ዝለኣኽዎ ሰብ ሕተት። ዋል ፖሊስ እንተኾነ'ውን ተመሳሳሊ ሕቶ ከተቅርብ ኣሎካ።
**ምኽሪ፡ ንዘይትፈልጦ ወይ ዘይተጸበኻዮ ሰብ ንገዛኻ ክኣቱ ኣይተፍቀድ።**

**6, ግዜ ወሲድካ ዝተዋህበካ ውዕል ምንባባን ምርዳእን፡**
በዙሓት ሰባት ናይ ዉዕል ግቡእን ግዴታን ከየንበቡ ብምፍራም (ምስምማዕ) ኣብ ዘየድሊ ሽግር ይወድቁ፡ ወይ ዉን ክገብርዎ ዘይደልዩ ነገር ክገብሩ ይግደዱ።ቅድሚ ቁሩብ ዐመታት፣ ኣብ ለንደን ዓዲ እንግሊዝ ዝተገብረ መጽናዕቲ ከምዝሕብሮ፡ ገለ ሰባት ብነጻ ውይፋይ(wifi) ዝብል ምስ ረኣዩ፡ ነቲ ዉዕል ከየንበቡ ከም ዝፈረሙ እሞ፡ እቲ ውዕል እንታይ ከም ዝብል ግና ከይተረድኡ ከም ዝፈረሙ።
**ምኽሪ፤ ነቲ ትፍረሞ ዘለካ ወረቀት ብሙሉኡ እንታይ ይብል ኣሎ እንተዘይተረዲኡካ ብፍጹም ክትፍረሞ የብልካን።**

**7.ሕጋዉነት ናይቲ ገንዘብ ወይ ሓበረታ ዝሓተካ ዘሎ ትካል፡ማሕበር፡ውድድር፡ ወይ ውን ሰብ ምስ ኣረጋገዝካ ንዝሓተካ ዘሎ ገንዘብ ወይ ዉን ሓበረታ ክትህብ ኣለካ።** ንሳቶም ንግዲ ክገብሩ ኣብቲ

ከባቢ ፍቃድ ዘለዎም ወይ ምዝጉባት ምካኖም ከተረጋግጽ ኣለካ። ቅድሚ ሕጂ ዝተኸሰሱ እንተከኸይኖም ውን ኣብቲ ናይ ቢስነዝ ቡርዮ (better Business Bureau) ክትሓትት ትኹእል ኢኻ። መብዛሕትኦም ሕጋውያን ትካላት መርኣዪ-ደገ(website)፡ኣድራሻ ከምኡ'ውን ዓማዊል ዝጸሓፉሎም ርእይቶ ኣለዎም እዩ። ግን ከኣ እቲ ሓበረታ'ውን ሓቀኛ ዘይኮነ(fake) ክኸዉን ይኹእል እዩ። እንተተጠራጢርካ ንዝቀርቡካ ሕተት። ኣብ ማሕበራዊ መድያ ከም በዓል ፈስቡክ እንተለኻ ንኣዕሩኽታኻን ስድራኻን ነቲ ትካል ዝፈልጥዎ እንተኸይኖም ሕተቶም ኢኻ።
**ምኽሪ፡ንመን ሓበረታኻን ገንዘብካን ትህብ ከም ዘለካ ክትፈልጥ ኣለካ፡ እሙንነቶም'ውን ከተረጋግጽ ኣለካ።**

**8.ሓበረታ ዘለካ ዓሚል ኩን፡** ቅድሚ ምዕዳግካ ክትዘዉር ኣለካ፡ ንዋጋን ዓይነት ንብረትን ከትዛምድ ኣለካ። ብዙሕ ሕቶታት ሕተት፡ ነቲ ሸያጣይ ዘቕርበለካ ዋጋ ከምኡ እንተኸይኑ ኣብ ካልእ ኣረጋግጾ ኣለካ።
**ምኽሪ፡ ቅድሚ ምዕዳግካ መጽናዕቲ ግበር ኣኻ፡ እቲ ትወስዶ ዘለካ ከማቲ ዝደለኻዮ ምኻኑ ኣረጋግጽ።**

**9.ንዘይትፈልጦ ብዝኾነ ይኩን ገንዘብ ኣይትሓዉል** ኢኻ፡ ንዝሓወልካዮ(wire transfer) ገንዘብ ኣበይ ከምዝበጽሐ ክትከታተሎ፡ ወይ ክትመልሶ ከቢድ እዩ። ልክዕ ከም ጥረ-ገንዘብ ዝሰደካ እሞ ንመታለልቲ ዝመጀኣ ዕድል ንምትላል እዩ ዝኸዉን። ካብቲ ኩሉ ንመታለቲ ዝጠፍኣ ገንዘብ ኣብ 2014 እቲ 30% ዝተሰደ ገንዘብ ብሓዋላ(wire transfer) እዩ፡ እቲ ካልእ 30% ከኣ ብናይ ህያብ ካርድ(Gift card) ዝተሰደ እዩ።
**ምኽሪ፡ ዝኾነ ሰብ ብክፍለጥ ወይ ክትመልሶ ዘይትኽእለ መንገዲ ገንዘብ እንተሓቲቲካ፡ ክትጥርጥሮ ኣለካ ወይ ከኣ ኣይትኽፈሎ።**

**10.ናይ መታለልቲ ግዳይ እንተከንካ ንፖሊስ ሓብር፡** መብዛሕትኡ ግዜ ግዳይ ምትላት ዝኾኑ ሰባት ኣይሕብሩን እዮም፡ ምኽንያቱ ሰባት ግዳይ ምኻኖም ሰለዝሓንኩ ወይ ከኣ ኣቀዲሞም ዘይምፍላጦም ሰለዝስከፉ። እቲ ሓቂ ግና እቶም ዘታልሉ፡ ኣብቲ ዝገብርዎ ምትላል ክኢላታት እዮም፡ ኣብቲ መጠኑ ዝሓለፋ ዘእምን መላታቶም እንተወደቕካ'ዉን፡ ንስኻ ዝገበርካዮ ጌጋ የለን። ቀልጢፍካ እንተሓቢርካ፡ ንከተማልሶ ዉሕድ ዝበለ ተኽእሎ ኣሎ፡ ከምኡ'ውን ንካልኦት ካብ ከምኡ ዓይነት ገበን ከተድሕን ትኹእል ኢኻ። ብተወሳኺ ካልእ ሰብ ነቲ ናይ ባንክ ተነቓፊ ሓበረታኻ ከም ዘፈለጦ ከይኑ እንተተሰሚዕካ፡ ንባንክኻ ምሕባር እሞ ሓበረታኻ ንምዕቃብ እንታይ ክግበር ከምዝግብኦ ክሕግዙኻ ይኹእሉ።

## ምም ምምምም/ምምምም ምምምምምም ምምምም ምምምምም ምምምም ምምምም'ም ምምምም?

ኲሉ ምትላልን ምትምያንን ክሕበር ኣለዎ፡ ወላ' እኮ እንተኣሕነኸካ ወይ'ውን እቲ ብዝሒ ገንዘብ ብዙሕ ዘየጉህየካ እንተኾነ። ገንዘብካ'ውን እንተዘይተመልሰ ንስኻ እንተሓቢርካ ንካልእ ሰብ ኣደዳ መታለልቲ ከይከዉን ትሕግዝ ኣለኻ ማለት እዩ። ስለዚ ንኲሉ ዓይነት ምትላላ ነዞም ዝስዕቡ ክትሕብር ኣለካ፥

1.ንከባብያዊ ፖሊስ ኣብ ከባቢኻ፡ ናይ ባርናቢይ RCMP ፡ህጹጽ ንዘይኮነ መደወሊ ቅጽሪ ተለፎን፡ 604-646-9999 ወይ ከኣ ቅድሞ-ገጽ (website); http://burnaby.rcmp.grc.gc.ca

2.ካናዳ ጸረ-ምትላል ማእከል፡ ቅጽሪ ተልፎን ኣብ ካናዳ፡ 1 888 495 8501 ወይ ከኣ ወብሳይት፡ https://www.canada.ca/en/immigration-refuggees-citizenship/services/protect-fraud/report-fraud.html

3.ፋይናንሳዊ ተጠቃሚ ወኪል ኣብ ካናዳ(FCAC): እዚ ብዛዕባ ምስ ባንክ ወይ ፋይናንሳዊ ትካላት ዘለካ መሰል ሓበረታ ዝህብ ትካል እዩ። ቑጽሪ ተለፎን፡ 1 866 461 3222(TTY 613-947-7771, ወይ 1 866 914 6097) website: fcac.gc.ca

4.ንተወሳኺ ሓበረታ ነዚ ዝስዕብ ተወከስ፡ Canada.ca/Seniors ወይ ከኣ ኣብ ጥቃኻ ዘሎ ሰርቪስ ካናዳ ከድካ ተወከስ።

## ንምትላል ወይ ትምየና ክትሕብር እትኽተሎም ምስርዓት፡

1.ብዛዕባ እቲ ዘጋጠመካ ምትላል ዘለካ ምሉእ ሓበረታ ኣክብ ኢኻ። እዚ መዝገብ፡ ናይ ክፍሊት ቅብሊት፡ ናይ ኢሜይል ወይ text ቅዳሕ ወዘተ የጠቓልል።

2.እቲ ዘጋጠመ ኲነታት ንከባብያዊ ፖሊስ ምሕባር። እዚ ነቲ ኣብ ከባቢኦም ዘጋጠመ ናይ ምጥፍፋእ ጉዳይ ኣፍልጦ ክህልዎም ይገብር ማለት እዩ። መዝገብ ናይቲ ዝደወልካሉን ትካላትን ቅጽሪ ተለፎናቶም መዓስን ከመይን ከምዝገበርካ ብጽሑፍ ኣስፍሮ።

3.ናብ ማእከል ጸረ-ምትላል ካናዳ ደዊልካ ምሕባር፡ ቁጽሪ ተለፎን፡ 1 888 495 8501. ሰዓታት ስራሕ ካብ ሰኑይ ክሳብ ዓርቢ ካብ ሰዓት 9:00ቅ.ቀ-4፡45 ድ.ቅ ናይ ምብራቅ ካናዳ ኣቆጻጽራ ማለት እዩ።

4.ናብቲ ገንዘብ ዝተላእኮ ፋይናንሳዊ ትካል ደዊል ምሕባር'ውን ኣገዳሲ እዩ። እዚ ንወሃብቲ ኣገልግሎት ትካላት ከም በዓል Western Union; MoneyGram;ባንካ፡ናይ ለቓሕ(ክረዲት) ትካላት ወይ ውን ብእንተርነት ምኽፈሊ ወሃብቲ ኣገልግሎታት ወዘተ ማለት እዮ።

5.እቲ ምትላል ኣብ ኣንላይን ትካላት ከም በዓል ፋስቡክ፡ኢ በይ(eBay)፡ምቁጽጻር ዘለዎ መወዓዉዒ ትካላት ከም ከጂጂ ወይ ናይ መጻመዲ ድሕሪ-ገጻት(websites) እንተ ኣጋጢሙ ነቲ ትካል ብቐጥታ

ክትሕብር ኣለካ። እዚ ከምዚ ዓይነት ነገራት ኣብ ትሕቲ “report abuse” ወይ ከኣ “report an ad” ክረከብ ይከኣል እዩ።

6.ግዳያት ናይ ዉልቃዊ ሓበረታ ምጥፍፋእ/ግእሰት ዝኾኑ ንኩሉ ፋይናንሳዊ ሕሳባቶም ዝፈልጡ ክረዲት ቡርዮ ክሕብሩ ኣለዎም፥ ማለት ንEquifax( https://www.consumer.equifax.ca/personal/) and TransUnion(https://www.transunion.ca/)

## *ምምምም ምምምም ምምምምም ምም ምምምምምም ምምምምም ምምምምምምም (Seniors)*

**ሓፈሻዊ ጸጥታን ውሕስነትን**

1. **መሕለፊቃልካ(password) ፍሉይን ዉሑስን መኻኑ ኣረጋግጽ።** ዝኾነ ውልቃዊ ሓበረታኻ ዘይብሉ ብርቱዕ ክፍለጥ ዘይክእል መሕለፊቃል(ፓስዎርድ) ተጠቀም፡ ከም ብቀሊሉ ክፍለጡ ዝኹእሉ ቃላት ወይ ኣስማት ዘይምጥቃም። መዝዘሕትኣን ወብሳይትስ ሕዉስዋስ ናይ ዓቢ ፊደል፡ ንእስተይ ፊደል፡ ቁጽሪ፡ ምልክታት ክትጥቀም ይሓታ/ይጠልባ። ብተወሳኺ ሓደ መሕለፊቃል(ፓስዎርድ) ካብ ኣብ ሓደ ንላዕሊ ኣካውንት ዘይምጥቃም ይምረጽ።

2. **ንኮምፕዩተርካ ጸረ ቫይረስ ወይ ማል-ወረ መከላኸሊ መሳርሒ ጸዓና ወይ ግበረላ።** እዚ ውሑስ ዝኾነ ሶፍትወር ክኸውን ኣለዎ፡ ብቀጻሊ ከኣ ክሕደስ(ኣብደት) ኣለዎ ንሓደስቲ ዝመጹ ሓደጋታት ምእንቲ ክከላኸል ማለት እዩ። እንታይ ከምትጽዕና ርግጸኛ እንተዘይከንካ፡ ንክኢላታት ሓገዝ ክትሓትት ጽቡቅ እዩ።

3. **ንኮምፑተርካ ዘይትፈልጦ ሶፍትወራት ወይ ከኣ ተወሳኺ ብኤሜይል ዝመጽእ ተወሳኺ ፋይላት ኣይትጽዓና።** እቲ ምንጪ ናይቲ ዝስደድ ዘሎ ዶኩመንት ወይ ፋይል ወይ ሶፍትወር ወይ ስእሊ እንተዘይፈሊጥካዮን ዘይኣሚንካዮን ናይ ኮምፑተርካ ኣይትጽዓኖ። መታለልቲ ኩሉ ግዜ ኣብ ናይ ነጻ ሶፍትወርስ ወይ ክትጽዕኖ ኣገድሲ ዝመስል፡ ቫይረስ ወይ ማልወር ኣስሊኹም ይእትዉ እዮም።

4. **ንእሙን ዓርክኻ ወይ በቴሰብካ ንሕሳብካ/ኣካዉንትካ ክርእዮ ፍቃድ ምሃብ ምሕሳብ።** ኣብ ግዜ ሓደጋ/ኢመርጀንሲ፡ ናይካ ኢሜይል፡ባንክ፡ውይ ውሑስ ኣካውንትካ እሙን ዓርክኻ ውይ ቤተሰብካ ክረኽብዎ ኣጸጋሚ/ኣሸጋሪ እዩ ዝከዉን። ኣቐዲምካ ውጥን ብምዉጻእ ምስ ጠበቃ ብምርኻብ ንትእምኖ ሰብ ፍቓድ ክወሃብ ምግባር ይከኣል እዩ።

**ኤሜይልን ማሕበራዊ ሚድያን፥**

5. **ናይ ኤሜይልካ ዘይተደልዩ ብብዝሒ ዝመጹ መልእኽትታት ዘጻሪ ስፓም ፊልተር ጥቅሙ ምርዳእ።** ምብዛሕትኦም ወሃብቲ ኣገልግሎት ኤሜይል ናይ ስፓም መጻረዪ ኣገልግሎት ኣለወን፡ንዘይተደልዩ ብብዝሒ ዝለኣኹ መልእኽትታት ኣጻርዮም የሕልፉ።

6. **ናይ ማሕበራዊ/ሶሻል ሚድያ ዉልቃዊ መቃን(ፕራይቨሲ ሰቲንግ) ምጥቃም።** ኣብ ዝኾነ ናይ ሶሻል ሚድያ እትልጥፎ ሓበረታ ጥንቁቕ ኩን። ከምኡ'ውን ናይቲ ዝኣተኻዮ ሚድያ ውልቃዊ መቃን ብምጥቃም ነቶም ትፈልጦም ሰባት ጥራይ መልእኽትካ ከም ዝመሓላለፍ ክትሓጽሮ ኣለካ።

7. **ዝኾነ ኣብ እንተርነት ክትጥቀም ከለኻ ዘጋጥመካ ግህሰት እንተሎ፡ንዝምልከቶ ሓብር ኢኻ።** ናይ ሚድያ ድንዳነ ኣብ ቆልዑን ትሕቲ ዕደም መንእሰኣትን እካ ብብዝሒ ዝረአ እንተኹነ፡ ኣብ ብጹሓት መንሰያትን ዓበይትን ኣየጋጥመን'ዩ ማለት ዉን ኣይክነን። ከምኡ እንተ ኣጋጢምካ ኣይትመልስ ኢኻ፡ኣብ ክንድኡ ንክተሓባበሩኻ ዝኹእሉ ሰባትን ነቲ ትጥቀመሉ ዘለካ ወሃቢ ኣገልግሎትን ምሕባር የድሊ። ድንዳነ/bullying ናትካ ጸገም ከምዘይኩነ ወን ተገንዘብ።

8. **ናይ ምድንጋር/ምጥፍፋእ ምልክታት ፍለጦም እኺ፡** ኣዝዩ ጽቡቅ/ሕሱር ዋጋ ዝመስል ኣንተከይኑ፡ ንሱ ከምኡ እዩ ማለት እዩ። ብጣዕሚ ሕሱር ዋጋ ወይ ነጻ ህያብ ንኤለክትሮኒክ፡ መድሃነት፡መዘናግዒ ዙረት መብዛሕትኡ ንምትላል መስሓቢ መጠቀሚ እዮም። ሓደ ሓደ ግዜ መጠፋፋእቲ ካብ ናይ ትፈልጦ ሰብ ወይ ዓርክኻ ናይ ክፍሊት ጠለብ ከቅርቡልካ ይኹእሉ እዮም፡ እቲ ሕቶ ካብቲ ሰብ ምኻኑ ከይእረጋገጽካ ገንዘብ ከይትሰድድ ኢኻ።

**<u>ገንዘብን ዕደግን፡</u>**

9. **ዉሑስ ዝኾነ ወብሳይት ተጠቀም፡** ገንዘብ ክትከፍል ብወብሳይት ክትሕተት ከለኻ፡ መጀመርያ እቲ እትጥቀመሉ ዘለኻ ወብሳይት ውሑስ ምኻኑ ኣረጋግጽ። ኣብቲ ናይ ኣድራሻ ምጽሓፊ ቦታ ኣብ ላዕሊ፡ እቲ መጀመሪ ብከምዚ ክጅመር ኣለዎ"https"። እቲ"s"  ንዉሕስነት እዩ ዘመልክት።

10. **ናይ ኢሜይል ምትላል(phishing) ምርዳኦምን ምዉጋዶም፤** ዝኾነ ንዕድዚ ወይ ንምኽፋል ዝሓቱኻ መስመራት እንተርነት ክትጥንቀቅ ይግባእ። ሓደ ፍሉጥ ዝጥቀሙሊ ሜላ ንትምዩን ዝኾነ መስመር ከም እሙን ኣምሲልካ ምቅራብ እዩ፡ ከማይ ገሮም ገንዘብካ ይወስዱ ምሕሳብ እዩ። ንዝጥቀሙሉ ናይ ሰዋስው ጌጋ ወይ ናይ ስፐሊን ጌጋ ተመልከት።ከምኡ'ውን ዝጥቀሙሉ ናይ እንተርነት መጀመሪ መስመር ተመልከት። እንተጠርካ፡ ነቲ ኣድራሻ ባዕልኻ ብቀጥታ ብምእታዉ ሓቅነቱ ፈትኖ።

11. **ዉልቃዊ ወይ ምኽፈሊ ሓበረታኻ ንዘይትፈልቶ ናይ እተርነት መስመር እይትሃብ፡** ብመጀመርያ እቲ መስመር ሓቀኛ ብምኻኑ ኣረጋግጽ፡ ካልኦት ብዛዕባ እቲ ነጋዲ ዝጸሓፍዎ ግምገማ ኣንብብ፡ንካብ ባንክ ወይ መንግስታዊ ትካላት ዝመጽእ ውልቃዊ ሓበረታት ዝሓትት ዘይምምላስ። ምክንያቱ ባንክታትን መንግስታዊ ትካላትን ምሕለፊቅልካ፡ሰሳል እንሹራን ቅጽርኻ፡ውይ ናይ ገንዘብ ሓበረታ ኣይሓቱን እዮም።

12. **ፋይናንሳዊ ሕሳባትካ ምቅጹጻር፡** ወላ እካ ብዙሕ ጥንቋቅ እንተኾንካ፡ ግና ናይ ባንክ ሓበረታትካ ካብ እሙናት ነጋዶ ልሒኹ ወይ ተሰሪቁ ክኸዉን ይኹእል እዩ።ስለዚ ንናይ ባንክ ሕሳብካን ናይ ክረዲት ክርዳ ሕሳብካን ዘይፈቀድካሎም ዕድግታት ከይህልዉ ተኸታተል ኢካ።

**<u>ሓዳስቲ ሰባት ምርካብ፡</u>**

13. **ጥንቅቅ ምባል፡** ኣጋጣሚ ከይኑ ኩሉ ኣብ እንተአርነት ዘሎ ከምቲ ንሱ ዝብሎ ከይከዉን ይኹእል እይ። ብእንተረነት ንብዙሓት ሓደስቲ ሰባት ክትላለ ጽቡቕ ዕድል ኣሎ፡ካብ ናይ መጽመዲ መስመራት፡ናይ ሓደ ድልየታት ዘለዎም ማሕበር፡ ካልእን። ግን ከኣ ኩሎም እሙናት ማለት እይኮኑን። ምስ ሓደስቲ ሰባት ክትላለ ከለኻ ጥንቅቕ ምባል ከድለየካ እዩ፡ ብዙሕ ዘየድሊ ውልቃዊ ሓበሬታትካ ዘይምሃብ ምእንቲ ካልኦት ሰባት ከይረኽብዎ።

14. **ንሓደስቲ ዝተላላኸዮም ሰባት ገንዘብ ዘይምስዳድ፡** ልክዕ ከምቲ ውልቃዊ ሓበረታኻ፡ ገሊኦም ሰባት ነቲ ናይ እንተርነት ዕድል ተጠቂሞም ዕላም ክገብሩኻ ይኹእሉ እዮም፡ገንዘብካ ሓቲቶም ድሕሪኡ ክጠፍኡኻ ይኹእሉ እዮም። ብዘቅርቡልካ ዘጋጠሞም በዳሂ ዘንታትት ተታሊልካ ገንዘብ ዘይምስዳድ እንትርፎ ንጽቡቅ ዕላማ ኣሚምካ ክትሕግዝ እንተዘይወሲንካ።

15. **ብኣካል ክትራከብ ከለኻ፡ ውን ኣብ ውሑስ ቦታ ኩን፥** ብናይ ዝምድና ዝተላለኻዮ ሰብ ንመጀመርያ ክትረኽቦ ከለኻ ኣብ ህዝባዊ መራከቢታት ርኸቦ፡ ከምኡ'ውን ንብጸይካ ወይ ንበተሰብካ ኣፍልጥ ናበይ ትኸይድ ከምዘለኻን ንመን ትረክብ ከምዘለካን ኣፍልጥ። ወላ እካ ነቲ ሰብ ትፈልጦ እንተኾንካ፡ ዘይውሑስ ክትከዉን ትኹእል ኢኻ።

<u>**ጥዕናን፡ ክንክንን**</u>

16. **ክውንነት ካብ ጽውጽዋይ ፈሊኻ ኣለሊ፥** ወብሳይስ ከም በዓል ነዉስ ፓፕሊስሸርን ሄልዝ ኣድቫይስን ዓማዊል ብምስሓብን ናይ መወዓዉዒ መስመራት እናኣኣንገዳ ንዕኡ ክኸፍቱ ብምግባር ገንዘብ የኻዕብታ እየን። ኩል ኣብኡ ዝተሓትመ ግን ሓቒ/እሙን እዩ ማለት እዩ ግን ኣይኮነን፡ ወላ እካ ወግዓዊ ወብሳይት እንተኾነ።

17. **ናይ ውልቒ መመርመሪ ናይ ሕክምና መሰርሒ(ሰልፍ ዲያግኖሲስ) ወይ ሄልዝከር መሳርሒ ምዉጋድ፡** ኣብ ናይ እንተርነት መፈተሺ መሳርሒ ብቀሊሉ ብርክት ዝበሉ ሕማማትካ ክትረክብ ትኽእል ኢኻ። ግና ከኣ ሞያዊ ዝተመዝገበ ሓኪም ጥራሕ እዩ ብዝዕባ ሕማምካን ድሕረ ባይታኻን ፈሊጡ ክፍዉሰካ ዝኽእል። ብእንተአርነት ተጠቂምካ ከምኡ ክትገብር እትነፈቲንካ፡ ሕማምካ ከይተፈወሲ ግዜ ግወስድን ክገደካን ጥራሕ እዩ ዝኽእል።

18. ምስ በዓል ሞያ ክትትል ግበር፡ ብርግጽ ኩሉ ኣብ እንተርነት ዘሎ ምኽሪ ናይ ሞትን ሄወትን ማለት እዩ እይኮነን።ብዙሕ ጠቃሚ ዝኾነ ምኽረታት ብዝዕባ መግባዊ ጥዕና፡ ኣካላዊ ምንቅስቃስ፡ ሓፈሻዊ ጥዕና ኣሎ እዩ፡ እንተኾነ ግና ንጥዕናኻ ዝጸሉ ዝኾነ ስጉምቲ ቅድሚ ምዉሰድካ ንሰብ ሞያ ምሕታት ዝጸበቐ ኣማራጺ እዩ፡ ንኣብነት ሓድሽ ዓይነት ኣመጋግማ ወይ ናይ ኣካላዊ ምንቅስቓስ ውጥን ዝኣመሰለ።

ኩሉ ግዜ ፍልጠት ብምዉሳኽ ትጋህ፡ምእንቲ ውሒስ ክትከዉን። እዘን ዝስዕባ መሓበሪ ተመልከት፤

ናይ ርስምፒ ብዛዕባ ጽጥታን ውሕሰነት ዝሕብር ዝሑፍ ንሽማግለታት- http://www.rcmp-grc.gc,ca/en/seniors-guidebook-safety-and-secity#a7

ብኦንላይን ክትዕድግ ከለኻ ከማይ ገርካ ርእሰኻ ትዕቅብ: http://www.getcybersafe.gc.ca/cnt/prtct-yrslf/prtctn-mn/nln-shpng-en.aspx

መሰረታዊ ኦንላይን ምኽርን ሓበረታን፡ https://www.stopthinkconnect.org/resources/preview/tip-sheet-basic-tips-and-advice

ንዕድጊ ኦንላይን፡ባንክ፡ልግሲን መጋዓዝያን፡ https://www.connectsafety.org/seniors.

10 ምኽርታት ናብ ኤማይልካ ወይ ሞባይላ ተለፎንካ ዝመጽእ መልእኽታት ምዕቃብ ዘርኢ ሓበረታ፡
https:// www.priv.gc.ca/en/privacy-topics/technology-and-privacy/online-privacy/spam/cast_tips_ind/